ብዘየገድስ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ኢሚግረሽን ኩነታቶም እዞም ሕግታት ንሰራሕተኛታት ይከላኸሉ። ሽፈነ ዘለዎም ኣሰራሕቲ ምስ እዞም ሕግታት ክምእዘዙ ይግባእ። ሕነ ምፍዳይ ክልኩል እዩ።

**ኣብ ተግባር ዝውዕለሉ ዕለታት ይፈላለ፡ ካብ 1 ሓምለ 2020 ይጅምር**

ተልእኾ ናይ ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (Office of Labor Standards (OLS)) ምምዕባል ደረጃታት ዕዮ ብመንገዲ ዝተማህረ ኮምን ኣብ ንግዲ ብምጽማድን፡ ናይ ምምሃዝ ፖሊሲ ብምምዕባል ንውድድርን ማሕበራዊ ፍትሕን ምውፋይ።

እዚ ፖስተር ኣብ ቦታ ስራሕ ብእንግሊዝን ብሰራሕተናታት ዝዛረብዎም ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ኣብ ዝረአ ቦታ ክስቀል ይግባእ። ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ናይ ቋንቋ ምብራህን ምትርጓምን ክምኡ'ውን ንሱንኩላን መጣጥሒ የቕርብ።

# ንሰራሕተኛታት ናይ ሆቴል ሓበሬታ ናይ መሰላት

## ምክልኻል ካብ መጥቃዕቲ

**ንሰራሕተኛታት ካብ መጥቃዕቲ ወይ ብኣጋይሽ ዝግበር ግፍዒ ይከላኸል**

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ኣብ ናይ 60 ን ልዕሊኡን ክፍልታት ናይ ዘለዎም ሆቴላት ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- ናይ ራዕዲ መጠወቒ፡ እዚ ከኣ ኣብ'ቲ መደቀሲ ክፍሊ እናሰርሑ ወይ ናብ ናይ ጋሻ መደቀሲ ክፍሊ እናብጽሑ
- ካብ ናይ ሆቴል ኣጋይሽ ዝወርድ ተግባር ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ክሕለው
- ናይ ኣጋይሽ ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ንኣሰራሒ ምሕባር
- ኣብ ናይ ሓደ ጋሻ ክፍሊ ክሰርሑ ወይ ከብጽሑ ከይምደቡ እዚ ከኣ እንተዳኣ እዚ ጋሻ ብናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ተነጊርሉ እንተድኣ ኔሩ ኮይኑ

ካብ ዝተሰምዐ ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ናይ ጋሻ ዝድሓነ ሰራሕተኛ እዚ መሰል ኣለዎ፥

- ናብ ካልእ ዝመረጾ ናይ ስራሕ ቦታ ክምደብ
- ሰራሕተኛ ምስ ዝመረጾም ምስ ናይ ሕጊ ተግበርቲ ወይ ሓገዝ ዝገብረሉ ሰብ ንክዘራረብ ክሳብ 16 ሰዓታት ዝኸውን ዝኽፈሎ ክረክብ
- ምርካብ ዕድል ናብ ማእከል ምንጪ ሓበሬታ ብዛዕባ ወሲባዊ መጥቃዕቲ ናይ ኪንግ ካውንቲ (King County Sexual Assault Resource Center) ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት፡ ጸጋታት፡ ከምኡ'ውን/ወይ ከኣ ምውካስ ደውል (24 ሰዓት መስመር)፡ 6423-998-888-1
- ኣብ ዝተመሓየሸ ሕጊ ናይ ዋሽንግተን 7.69.030 ሰፊሩ ዘሎ ምርካብ ጠበቓ ግዳይ ናይ ገበን

## ናይ ስራሕ ጽዕነት ደረታት

**ክፍልታት ናይ ምጽራይ ጽዕነት ስራሕ የጉድል**

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ኣብ ሓደ ሆቴል 100 ወይ ልዕሊኡ ናይ ኣጋይሽ ክፍልታት ዘጽርዩ ብሰዓታት ናይ ዝዓዩ ሰራሕተኛታት

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- ዝልዓለ 4,500 ትርብዒት ጫማ ናይ ኣጋይሽ ሆቴል ኣብ ናይ 8 ሰዓት ንመዓልቲ ዘጽርዩ (ኣቐዲሙ ንውሑድ ሰዓታት ዝተመዝነ)
- ካብ'ቲ ዝተፈቐደ ቦታ ንላዕሊ ምጽራይ ምእባይ
- ካብ'ቲ ዝተፈቐደ ቦታ ንላዕሊ ብሰንኪ ምጽራይ 3 ዕጽፊ ክፍሊት ምርካብ (ኣብ ዝበዝሐ ኩነታት)

## ናይ ሕክምና ክንክን ናይ ምርካብ ዕድል

**ንኣሰራሕቲ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት ክገብሩ ይጠልብ።**

**እዚ ንመን ይምልከት?**

100 ወይ ልዕሊኡ ናይ ኣጋይሽ ክፍልታት ዘለዎ ሆቴል ብውሕዱ ገምጋማዊ ን 80 ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ኣብ ወርሒ ዘጽርዩ ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት። እዚ ንዝድሓኑ፡ ማናጀራት፡ ወይ ገለ ብዛዕባ ኣብ ናይ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ናይ ዕዮ ዝምድናታት ኣብ ምውሳን ዝደጋገፉ ሰራሕተኛታት ኣይምልከትን።

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- ምርካብ ዝተማሓየሸ ዕድል ናይ ሕክምናዊ ክንክን ብመንገዲ ካብ ኣሰራሒ ዝጥለቡ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት
- ኣሰራሕቲ እዚ ወጻኢታት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ክገብሩ ይኽእሉ፡

  (1) ናይ ተራ ኣታዊ ክፍሊታት
  (2) ብኣሰራሒ ዝምወሉ መደባት ናይ ጥዕና መድሕን ክፍሊታት ከምኡ'ውን/ወይ
  (3) ናይ ግብሪ ሓገዝ ዘለዎም ናይ ጥዕና መደባት ክፍሊታት (ንኣብነት ወለድ ዘለዎ ናይ ጥዕና ኣካውንትታት)

**ምጠና ናይ ነፍሲ ወከፍ ካላንደር ናይ ዓመት ድሕሪ 30 ሰነ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣይግለጹን፤ ሕጂ ዘሎ መጠን ንምፍላጥ ነቲ QR ኮድ ስካን ይግበሩ ወይ ድማ ኣብዚ ይጠውቑ**

## ስራሕ ምዕቃብ

**ድሕሪ ናይ ዋንነት ለውጢ ምኽያዱ ምዕቃብ ሰራሕተኛታት ይጠልብ።**

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ኣብ ናይ 60ን ልዕሊኡን ክፍልታት ናይ ዘለዎም ሆቴላት ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት ብውሕዱ ን 30 መዓልትታት እቲ ትካል ቅድሚ ምሻጡ ኣብ'ቲ ሆቴል ምስ ዝሰርሑ። እዚ ንዝደሓኑ፡ ማናጀራት፡ ወይ ገለ ብዛዕባ ኣብ ናይ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ናይ ዕዮ ዝምድናታት ኣብ ምውሳን ዝደጋገፉ ሰራሕተኛታት ኣይምልከትን።

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- እቲ ትካል ዋንነት ይልውጥ ከምዘሎ ኣስተውዕል
- ኣብ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ኣሰራሒ ብጽሑፍ ዝግበር ቀረብ ስራሕ (ብመሰረት ግድምና ዝግበር ቀረባት)
- ናይ ተሰዓ መዓልትታት ስራሕ ምስ ሓድሽ ኣሰራሒ፡ እዚ ከኣ ንሰራሕተኛ ንምስጓግ ብቑዕ ምኽንያት እንተዘይሃልዩ ወይ ምጉዳል ሰራሕተኛታት ኣድላዪ ምስ ዘይከውን (ብግድምና ምጉዳል)
- ኣብ 90 መዓልትታት ናይ ኣፈጻጽማ ስራሕ ገምጋም

## ናይ ሰራሕተኛ መሰልካ ፍለጥ

**ሕነ ምፍዳይ ክልኩል እዩ፡** እዞም ሕግታት ንሰራሕተኛታት ብመሰላቶም ብምሕጻሶም ወይ ብምጥቃምም ካብ ሕነ ምፍዳይ ይከላኸሉሎም።

**ክሲ ናይ ምምስራት መሰል፡** ሰራሕተኛታት ምስ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ብሙኹን ጥርዓን ከቕርቡ ወይ ኣሰራሒ ነዞም ሕግታት ምስ ዝጥሕስ ክሲ ክምስርቱ መሰል ኣለዎም።


**ተጸዋዓይ፡**
OFFICE OF LABOR STANDARDS

**ኣሰራሕቲ**
ምቕሉል ሓገዝ ክረኽቡ ከምኡ'ውን/ወይ ስልጠና ክረኽቡ

**ሰራሕተኛታት**
ምስ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ብሙኹን ጥርዓን ከቕርቡ ወይ ኣብ ቤ/ፍርዲ ክሲ ክምስርቱ

**206-256-5297**
www.seattle.gov/laborstandards

810 THIRD AVE, SUITE 375 SEATTLE, WA 98104 | LABORSTANDARDS@SEATTLE.GOV